**ምርጫ ምምሕዳራት 22 መስከረም 2024 – መደብ ናይ ሓምላይ ሰልፊ ኦስተርሙንዲገን**

ተወዳደርትና “ ስነ-ህይወታዊ – ተሓጋጋዚ – ኣሳታፊ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ንዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳርን (Grosser Gemeinderat) ቤት ምኽሪ ምምሕዳርን (Gemeinderat) ክወዳደሩ እዮም።

## ስነ-ህይወታዊ

ክሳብ 2028 Energiestadt Gold (ወርቃዊ ናይ ጸዓት ከተማ) ዝብል መለለዪ ዝሓትት: “ምክልኻል ክሊማ ከም ሓቛፊ ኣርእስቲ” ዝብል ጭርሖና ድሕሪ ምቕባል፡ ክሊማን ብዙሕነት ህይወትን ንምሕላው ጭቡጥ ስጉምትታት የድሊ።

ኣብ መጓዓዝያ፡ ነዳዲ ብኤሌክትሪክ ጥራይ ክንትክኦ ዘይኮነስ፡ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ብሽክለታን ህዝባዊ መጓዓዝያን ዝያዳ ሰሓቢ ክንገብሮን ብልጫታቶም ከነርኢን ንደሊ። ንኣብነት ምምሕዳር: ንመንእሰያት ንሓደ ዓመት ኣብ ናይ ሊበሮ ኣቦ (Libero-Abo[1]) (ናይ ዓመት ቲኬት[2]) ኣበርክቶ ብምግባር ወይ ብሽክለታ ብምግዛእ ከነቓቕሖም ይግባእ። ካብ መስመር 10 ወጻኢ ርክባት ህዝባዊ መጓዓዝያ ከነስፍሕ ንደሊ። ጻዕቂ ተሽከርከርቲ ንምክልኻል: ኣብ ውሽጢ ዓዲ ቁጠባዊ ዑደታት ንምስፋሕን ኣንጻር ውጥናት ምስፍሕፋሕ ጽርግያን ኣብ ከባቢ በርን[3] ንሰርሕ። ብኸምዚ ድማ ምንቅስቓስ ዝያዳ ንከባቢ ዝሓሊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ጥዕናን ጸጥታን ዘለዎ ውን ይኸውን።

ኣብ ዝጸንሑ ህንጻታት ከይተረፈ: ስርዓታት ምውዓይ ብዘይትን ብጋዝን ብቕልጡፍ ክቕየሩን መከላኸሊ ንፋስ (Isolation) ክመሓየሽን ኣለዎ። ክራይ ገዛ ካብቲ እቲ ጎናዊ ወጻኢታት ዝነከዮ ንላዕሊ ክውስኽ የብሉን። መሳርሒታት ህንጻ ንዳግማይ ኣገልግሎት ክውዕሉ ኣለዎም (እንተተኻኢሉ ኣብቲ ቦታ)። ምስፍሕፋሕ ጸሓያዊ ጸዓት ክቀላጠፍ ኣለዎ።

ንዋዒ ከተማ ንምምካት፡ ዝያዳ ኣግራብን ሓምላይ ቦታታትን ውሑድ ኣስፋልትን የድሊ። እቶም ዘለዉ ዘይተሰርሑ ከባቢታት ንኣብነት ሮርስዊል Rörswil[4] ፅሬት ሓመድን ብዙሕነት ህይወትን ብዝረብሕ መንገዲ ክሕለዉን ክመሓደሩን ኣለዎም።

## ተሓጋጋዚ

ብደረጃ ምምሕዳር ኣንጻር ምውሳኽ ዋጋ መነባብሮ  ንምቅላስ: ነቶም ንመኽሰብ ኢሎም ዘይሰርሑ ኣባይቲ: ናይ መሰል ወለድ (Baurechtszins[5]: ካብቲ ክሃንጽ መሰል ዝተዋህቦ ሰብ ናብ ወናኒ መሬት ዝኽፈል ክፍሊት ወይ ወለድ) ብምቕናስ ክንድግፎም ንደሊ። ከምቲ ድሮ ኣብ ፕሮጀክት Tramwendeschlaufe am Rütiweg[6]  ዝተገብረ ።

ህሉው ማሕበራዊ ቅድመ-ምድላዋት ከም ኣብነት እቲ schritt:weise (ስጉምቲ ብስጉምቲ[7]) ዝብሃል ንቆልዓ ብኣግኡ ድፍኢት ናይ ምግባር መደብ: ብዘይ መጸበዪ ዝርዝር ተበጻሕቲ ክኾኑ ኣለዎም። ከምኡ’ውን ካብ መግለጺ ተልእኾ ሕብረተሰብ ኦስተርሙንዲገን (Leitbild Gesellschaft Ostermundigen[8])  ዝወጽእ ክቡር ኣገባባት ብቕልጡፍ ክትግበር ይግባእ። ብፍላይ ኣገልግሎት ናይ ምእላይ ህጻናት ኣብ እዋን ዕረፍቲ ውን ንኽህሉን: ከምኡ’ውን ንኣብነት ንጥዕና ምድንፋዕን ቋንቋ ጀርመን ንምምሃርን ዝጠቕሙ ተወሰኽቲ  ናይ ስልጠና ቫውቸራት ንሓትት።

---

[1] https://www.mylibero.ch/de/abos

[2] https://www.sbb.ch/de/billette-angebote/abos/ga.html

[3] Spurwechsel-bern.ch

[4] https://s.geo.admin.ch/z0k7sk0k43bx

https://www.ostermundigen.ch/de/aktuelles-projekte/aktuelles/meldungen/Medienmitteilung-Regionaler-Fussballcampus-Roerswil-als-Loesung-fuer-den-grossen-Mangel-an-Fussballplaetzen-in-der-Region-Bern.php

[5] https://www.bwo.admin.ch/bwo/de/home/wohnraumfoerderung/baurechte.html

[6] https://tram-bern-ostermundigen.ch/das-projekt/haltestellen/endhaltestelleoberfeld/

[7] https://www.ostermundigen.ch/de/verwaltung/dienstleistungen/159_programm-schritt:weise

[8] https://www.ostermundigen.ch/de/aktuelles-projekte/aktuelles/meldungen/LeitbildGesellschaft.php

ብምውድዳር ምስ ካልኦት ምምሕዳራት፡ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ኦስተርሙንዲገን ኣዝዩ ስሉጥን ውጽኢታዊን ስራሕ እዮም ዝሰርሑ - ኣብዚ ገንዘብ ምቑጣብ ጌጋ እዩ፡፡፡

ኦስተርሙንዲገን ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ኣብ ዝጠልበሉ እዋን፡ ንስነ-ህይወታዊ ረቛሒታትን ሰብኣዊ ኩነታት ስራሕን ቀዳምነት ክህብ ይግባእ፡፡

**ኣሳታፊ**

ኩሉም ኣብ ኦስተርሙንዲገን ዝነብሩ ሰባት ኣብዚ ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም፡፡ ንኣብነት ኣብ ናይ በርን ኣብነት (ሞዴል) ብዝተመርኮሰ ናይ ተሳትፎ ምሕጽንታ (Partizipationsmotion[9])፡፡

ኣብ ኦስተርሙንዲገን ንኽትገዝእ ወይ ክትሕሸሽ ዘየገድዱ ዝያዳ መራኸቢ ቦታታት የድልዩ፣ ከምቲ ባዕሉ ዝመሓደር ቴል ዝብሃል ባህላዊ ቦታ ወይ ንተማሃሮ ዝኾኑ ክፉታት ማእከላት ስፖርት፡፡ ንኣብነት፡ ናይ ባንድ ክፍልታትን ናይ ክፍለ ግዜ ኣለይቲ ዘለዎም: ናይ ስራሕን ጽገናን ክፍልታት ክህልዉ ንመክር (ንኣብነት ንዓለባን ዕንጨይትን)፡፡.ወለንታዊ ፕሮጀክትታት ንምድንፋዕ፡ ኣሳታፊ ባጀት ንኽህሉ ሕቶ ኣቕሪብና ኣለና (Motion für ein partizipatives Budget[10]) ፡፡ ከም ህዝባዊ ቦታታት እዞም ቀረባት ንኹሉ ተበጻሕቲ ክኾኑ ይግባእ፣ ንኣብነት ንተጠቀምቲ ዓረብያ ስንኩላን፡ ንናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ወንለድን ብፍላይ ድማ ንኣዴታት ንኣሸቱ ህጻናትን፡፡

ርእይቶ ወይ ሕቶ ኣለኩም ዶ፧ ርኸቡና፡፡ ንኣብነት ኣብ ናይ ሓበሬታ ጣውላ ናይ ሓምላይ ሰልፊ ኣብ ፌስታ Mundige-Fescht[11] : ቀዳም ዕለት 31 ነሓሰ ወይ ብ info@gruene-ostermundigen.ch ተወከሱና፡፡ እዚ ጽሑፍ ኣተርጒምናዮ ኣለና፡፡ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ውሑዳት ቃላት ትግርኛ ጥራይ ኢና ንርዳእ፡፡

ተወዳደርትና፥

| ቀዳሞት ተወዳደርቲ | |
|---|---|
|  | 1987, MA Konferenzdolmetschen FTI Genf, Übersetzer<br>1987: ምትርጓም ኣብ ዋዕላ FTI ጀነቫ፡ ተርጓሚ<br>ዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ክሳብ ሕጂ)<br>ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ተወዳዳሪ) |
|  | 1991, Projektleiterin ÖV, BSc Elektrotechnik EPFL<br>1991: ኣካያዲት ፕሮጀክት ህዝባዊ መጓዓዝያ፡ BSc ናይ ኤለክትሪክ ቴክኖሎጂ EPFL<br>ዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ክሳብ ሕጂ)<br>ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ተወዳዳሪት) |

[9] https://www.bern.ch/themen/stadt-recht-und-politik/mitreden-und-mitgestalten/partizipationsmotion

[10] https://www.ostermundigen.ch/wAssets/docs/politik-verwaltung/politik/grosser-gemeinderat/archiv/2024/September/T295.0_MotionBudget.pdf

[11] https://www.mundige-fescht.ch/

| | |
|---|---|
|  | 1989, MSc Mechanik, Projektleiter Bauingenieurwesen, parteilos<br>1989: MSc መካኒክስ፡ ኣካያዲ ፕሮጀክት ሲቪል ምህንድስና፡ ናይ ዝኾነ ሰልፊ ኣባል ዘይኮነ<br>ዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ተወዳዳሪ) |
|  | 1974, Dozent BFH, Pflegefachmann und -wissenschaftler, Dr. rer. cur.<br>1974: መምህር BFH፡ ክኢላ ነርስን ሳይንቲስትን: ዶክተር: rer. cur.<br>ዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር (ተወዳዳሪ) |
| ካል ኦት ተወዳደርቲ ንዓቢ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር | |
|  | 1968: ሓኪም ስድራቤት Dr. med. |
|  | 1980: ናይ ኮምፒተር ክኢላ: Dr. phil. nat., ሶፍትዌር ኣርኪቴክተር Software-Architekt |
|  | 1973: ተመራማሪ ስነ-ምድሪ Dr. rer. nat., ናይ ዝኾነ ሰልፊ ኣባል ዘይኮነ |
|  | 1990: ኣርኪቴክተር (ክኢላ ስነ-ህንጻ) ETH |